ሕጂ ሓድሽ ነገራት ንዛረበሉ ግዜ እዩ’ ዝብል ፕሮጀክት ኮይኑ፡ ብስራሕ ፋርሳዊ ( Persian) ገጣሚ ሩሚ (Rumi) ብዝተዋሃሃደ ግጥምታትን ሙዚቃን ንሓደስቲ ናብ ሊዋርደር ዝመጹ እንቐበሎም ፕሮጀክት እዩ። ኣብ'ዚ ምሳና ኣለካ ዲኻ?

ሩሚ (Rumi)? እዚ ፋርሳዊ (Parsian) ገጣሚ ግጥምታቱ ኣዝዩ እዋናዊ ስለዝኾነ ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ጸሓፍቲ ግጥሚ እዩ። ካብሉ ሓድሽ ሙዚቃን ግጥምን ንምፍጣር ኣብ ስርሑ ንጥሕል።

ንዕለት 20 መስከረም ካብ ሰዓት 7:30 ድሒሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 9:30 ድሒሪ ቀትሪ (ኣኼባ ይጅምር) ኣብቲ ፕሮጀክት ክትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ኣኼባ እዚ ነንሕድሕድና ንላለ፡ እቲ ፕሮጀክት ብዛዕባ እንታይ ምዃኑን እቶም ካልኦት ኣኼባታት ብኸመይ ክውደቡ ምዃኖምን ንረክብ። ንዕለት 27 መስከረም ኣብ ስራሕ ሩሚ ክነተኩር ኢና። 11 ጥቅምትን 25 ጥቅምትን ብመሪሕነት ኣርጃን ሃት Arjan Hut)፡ ማሪት ጀለማን (Marrit Jellema ) ጆቸም ክኖፍን (Jochem Knoef)፡ ጽቡቕ ሙዚቃውን ግጥማውን ምሉእነት ንምፍጣር ክንሰርሕ ኢና።

ንሓደስቲ መጻእቲ ናብ ሊዋርደን ንምቕባል ኣብ ጽብቐቲ ኣልቡም ኣበርክቶ ክትገብሩ ትደልዩ ዶ ከምኡ ውን ግጥምን ሙዚቃን ጽቡቕ፡ ዘዘናግዕ ወይ መሳጢ ኮይኑ ይረኽብዎ ዶ? ብድሕሪኡ ተመዝገብ፡፡ ግጥምታት ይኹን ሙዚቃ ኣብ ምስራሕ ዝኾነ ተመኩሮ ክህልወካ ኣገዳስነት የብሉን፡ እንተሃልዩካ ግን ኩሉ ግዜ ቦነስ እዩ።